City of Seattle

# ናይ ሲያትል ናይ ኤሌክትሪክ ጽዕነት መኪና መበረታትዒ ናይ ፈተነ ፕሮግራም




**ሲያትል ናይ ኤሌክትሪክ ጽዕነት መኪና ኤሌክትሪክፊኬሽን መበረታትዒ ናይ ፈተነ ፕሮግራም ዝበሃል ሓድሽ ፕሮግራም ኣበጊሳ ኣላ። ናይ ኤሌክትሪክ ናይ ጽዕነት መካይን ኣብ ጥቕሚ ክውዕላ ዘበረታትዕን ነተና ኣብ ናይ ሲያትል ኣብ ጥቕሚ ዝውዕላ ናይ ኤሌክትሪክ ሓደሽቲ መካይን ድማ ተመላሲ ገንዘብ ዝህብ እዩ። ጽሩይ ጸዓት ብምድጋፍ ናይ ኣየር ብኽለት ዝቕንስ እዩ።**

**እዚ መተባብዒ እዚ 40% ናይ ሓንቲ ናይ ጽዕነት ኤሌክትሪክ መኪና ዋጋ ዝኸውን መጠን ዝኸፍል ኮይኑ፣ ላዕለዋይ መጠን ክፍሊት ድማ ንሓንቲ ናይ ጽዕነት ማኪና ካብ $180,000 ዘይበልጽ እዩ።**

## ጎዳእቲ ናይ ጥዕና ፍልልያትን ናይ ኩነታት ኣየር ብኽለትን ጸገማት ምፍታሕ

እቶም ኣብ ናይ ሲያትል ዱዋሚሽ ቫለይ ዝርከቡ ናይ ማሕበረሰብ ውድባት ነቲ ካብ ኢንዱስትሪ፣ ካብ ዲይዝል መካይን፣ ካብ መጓዓዝያን ዝመጽእ ብኽለት ኣየር ንምቕናስ እተን ናይ ኤሌክትሪክ ናይ ጽዕነት መካይን ናብ ስራሕ ክኣትዋ ድፍኢት ኣብ ምግባር ይርከቡ። መጽናዕቲታት ከም ዘርእዩዎ እተን ኣብ ጥቓ ወደባት ዝርከባ ናይ መንበሪ ከባቢታት፣ ንቤኮን ሂል፣ ጆርጅታውንን፣ ሳውዝ ፓርክን ሓዊሱ፣ ካብ ካልኦት ከባቢታት ሲያትል ክወዳደራ እንከለዋ፣ ልዑል መጠን ብኽለት ኣየርን ኣብ ህጻውንቲ ድማ ናይ ኣዝማ ጸገምን ዝረኣየለን እየን።

**ካብ መጎዓዝያ ዝስደድ በካሊ ባእታ ንምቕናስ ሲያትል ዝሓዘቶ ሸቶ**

**30%**

**-ክሳብ 2030 ኣብ ምብጻሓት ዜሮ ልቀት በካሊ ባእታ ንክኸውን**

**82%**

**ክሳብ 2030 ልቀት በካሊ ባእታ ምቕናስ**

**2050**

**ኣብ 2050 ካብ ካርበን ናጻ ምኳን**

### ስለምንታይ ናይ ጽዕነት መካይን?

ነተን ናይ ሲያትልን ታኮማን ወደባት ኣገልግሎት ንምሃብ፣**እቲ ኣብ ወደባት ዝካየድ ስራሕ ብግምት ኣብ 4,000 ናይ ዲይዝል መካይን ዝተመርኮሰ ኢዩ።**

እተን **ብዲይዝል ዝሰርሓ ናይ ጽዕነት መካይን** ኣብ'ቲ ከባቢ ልዑል መጠን ዘለዎ ብኽለት የስዕባ። እቲ ካብ ሞተርን ዝወጽእ ጎዳእቲ ዝኾኑ በከልቲ ባእታት ናብ'ቲ ናይ መንበሪ አከባቢ፣ ናብ ዳውንታውን ሲያትልን፣ ከምኡድማ ናብ ዱዋሚሽ ቫሊይ፣ ዝሰድድ ብምኳኑ ኢዩ።

ነተን ናይ ከባቢያዊ ፍትሒ ዝጠልባ ማሕበረሰባት ንምጥቃም፣ **ሲያትል ነቲ ናይ ዲይዝል ልቀት ምቕናስ ቀዳምነት ሂባ ትሰርሓሉ ጉዳይ ብምኳኑ።**



# ከመይ ኣቢልካ ምምልካት ከም ዝከኣል

**እቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ናይ'ቲ ምልክታ መስርሕ እዩ። ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ፣ ነቲ "How to Apply Guide." (መምርሒ ከመይ ምምልካት ይከኣል) ዝብል ክትርእዮ ንላበወካ። ዝኾኑ ሕቶታት ምስ ዝህልዉኻን ደገፍ ንምሕታትን ናብ OSE_Trucks@seattle.gov ጸሓፈልና።**




### ስጉምቲ 1፡ ናይ'ቲ ፕሮግራም ናይ ብቑዕነትን መልክዒታትን ሮቛሒታትን ዳህስስ

ነቲ ኣብ'ቲ ናይ ፕሮግራም መምርሒ ወይ ኣብ'ቲ መርበብ ሓበሬታ ዘሎ ናይ ብቑዕነት መልክዒ ብምርኣይ ብቑዕ ምዃን ዘይምዃንካ ረአ።

### ስጉምቲ 2፡ ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣዳልው

ኩሉ ዘልድየካ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣክብ።

### ስጉምቲ 3፡ ነቲ ናይ ምልክታ ቅጥዒ ርአ

ነቲ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታ ናይ ኤሌክትሪክ ጽዕነት መኪና መበረታትዒ ናይ ፈተነ ፕሮግራም ተወከስ።

### ስጉምቲ 4፡ ነቲ ናይ ምልክታ ቅጥዒ መሊእካ ዛዝሞ

ነቲ ናይ ምልክታ ቅጥዒ ብሓቀኛን ዝርዝር ሓበሬታን ተጠቒምካ ምልኣዮ። ኩሎም ዘድልዩ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣቕርብ።

### ስጉምቲ 5፡ ነቲ ምልክታ ኣታዊ ግበር

ነቲ ምልክታኻ መሊስካ ምስ ገምገምካዮ፣ ኣብ'ቲ መርበብ ሓበሬታ ኣብ ዝርከብ ቅጥዒ መሊእካ ኣረክብ፣ ነቶም ተዛመድቲ ሓበሬታታት ድማ ናብ OSE_Trucks@seattle.govኢሜይል ግበሮም።

### ስጉምቲ 6፡ ናይ ምልክታ ምርመራን ገምጋምን

ድሕሪ ነቲ ቅጥዒ ኣታዊ ምግባር፣ እቶም ምልክታታት ክግምገሙን ነቶም ናይ ብቑዕነት መልክዒታት ምምላእ ዘይምምላኦም ክፍተሹን እዮም። እቲ ምልክታ ኣታዊ ዝኾነሉ ግዜ ምስ ኣብቀዐ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ምልክታኻ ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ።

### ስጉምቲ 7፡ ቀጸልቲ ስጉምቲታትን ደገፋትን

እንተደኣ እቲ ኣታዊ ዝገበርካዮ ምልክታኻ ዕዉት ኮይኑ፣ ዝኾኑ ተወሰኽቲ ናይ ብቑዕነት መለክዒታት ሓዊሱ፣ ምስ'ቲ ፕሮግራም ንምቕጻል ክትወስዶም ዝግቡኡኻ ቀጸልቲ ስጉምቲታት ብዝምልከት መምርሒታት ክበጽሑኻ እዮም። እንተደኣ እቲ ኣታዊ ዝገበርካዮ ምልክታኻ ዕዉት ዘይኮይኑ፣ ብዛዕባ ኣብ መጻኢ ግዜ ዝህልዉ ናይ ምወላ ዕድላት ብዝምልከት ሓበሬታ ክንህበካ ምሳኻ ክንራኸብ ንኽእል ንኸዉን ኢና።

**ኣብ መጻኢ ንምምልካት ድልየት ኣለካዶ?**
**ነቲ ናይ ድልየት መርኣዪ ቅጥዒና ምላእ!**